ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

**ብምኽንያት መበል 24 ዓመት ዝኽሪ ነጻነት ኤርትራ፡**
**ብደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደግሓኤ/**
**ዝወጸ ውድባዊ መግለጺ፣**

24 ግንቦት፡ ህዝብታት ኤርትራ ኣንጻር ባዕዳውያን ተበራረይቲ ገዛእቲ መሪር ቃልሲ ብምክያድ ከቢድ መስዋእቲ ዋጋ ቃልሲ ከፊሎም፡ ሃገራዊ ነጻነቶም ዘረጋገጹላ ኣብ ታሪኽና ልዑል ስፍራ እትሕዝ ታሪኻዊት ዕለት እያ። ሃገራዊ ነጻነትናን ላዕላውነትናን ከነረጋግጽ ምብቃዕና ኣገዳሲ ምዕራፍ ዝሕዝ ይኹን ዳኣምበር፡ ብሰንኪ ብኩራት ህዝባዊ ደሞክራስያዊ መሪሕ ውድብ ሃገራዊ ነጻነትና በርዒና እያ ተሪፉ። ስለ ዝኾነ ናይ ህዝብታትና ኲሉ-መዳያዊ ሓርነታት፡ ሰላምን ደሞክራስን ልምዓትን በቲ ሃገራዊ ነጻነትና ብምጭዋይ ብኢ.ደ-ወነኑ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝጨበጠ ገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ክመኽኑ ኮይኖም እዮም። ስለ ዝኾነ ድማ እዘን ዝሓለፋ 23 ዓመታት ከም ህዝብን ሃገርን ናብ ስዉር ዘቤታዊ መግዛእቲ ተቐሪንና ንዝተፈላለዩ ጸገማትን ሓደጋ ደበና ውድቀትን ምብትታንን እናተሳጣሕና መጺናን ንቕጽል ኣለናን።

ስለዝኾነ ድማ ሎሚ ሃገራዊ ነጻነትና ንመበል 24 ዓመት እንጽንብለሉ ዘለና ወድዓዊ ኩነታት ክንርኢ እንከለና፣ ናይ ህዝብታትና ኩሉ መዳያዊ ኩነታት ኣዝዩ ሓሲሙ፣ ግህሰት ሰብኣዊ ደሞክራስያዊ መሰላት ኣብ ዝኸፍኣ ደረጅኡ በጺሑ፣ ስእነትን ድኽነትን ዓሙቑ፣ ብውልቀን ብጉጅለን (ስድራን) ናብ ስደት ምውሓዝ ብዘሰክፍ መልክዑ በሪኹ፣ናይ ኣብ ስደት ባህርያውን ሰብ ዝሰርሖን ሓደጋታትን ጭፍጨፉን ብዝኸፍአ መልክዑ ኣብ ዝራኣየሉ፣ናይ ህዝብታትና መሰረታዊ ኣገልግሎታት መሊኦም ኣብ ዝበኾረሉን፣ ትሕቲ ዕድመን ሽማግለታትን ብዘይምቁራጽ እናተገፈፉ ስድራ-ቤታት ኤርትራ ብዘሰክፍ መልክዑ ክሽገራን ክበታተናን ኣብ ዝገብረሉ ግዜ፣ ብሓደ ገጽ፣ በቲ ካልእ ገጽ ድማ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ቀረባ ርሕቀት- ውድቀት ኮይኑ፡ ኩሉ መዳያዊ እከይ ተግባራት እናፈጸመ፡ ባህርያዊ ሃብትና /መዓድናትና/ ምስ ናይ ወጻኢ ካምፓኒታት ብምሽራኽ ብሕሱም እናኳሕጎሐ ንጉጅላዊ ጠቕሙ ጥራሕ ኣብ ዘውዕለሉን ኣብ ርሑቕ ባንክታት ዘዋህልለሉን፣ ካብ ጸረ ሰላምን ምርግጋእን ባህርያቱ እናተበገሰ፡ ዝተፈላለዩ ጠቕምታት ንምምእራር ክብል ተቓወምቲ ሓይልታት ናይ ዝተፈላለያ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ከም ፖለቲካዊ መጣልዒ ካርድ ብምጥቃም ናብ ኩሉ መኣዝናት ዓሰብትን መወልትን ሓይልታት እናቐያየረ ናይ ህዝብታትናን ሃገርናን ተነጽሎ መመሊሱ ክዓብን፡ ብዘይ ኣማንን ደጋፍን ጐረቤት ክተርፉን ብቐጻሊ ክሳቐዩን እናገበረ፡ ብዝርገተ-ሰላም ናይ ከባቢና ክርባሕ ብዝለዓለ ኣብ ዝዋደየሉን ዝነጥፈሉን ኩነታት ወዘተ.. ኮይና ኢና ንመዓልቲ ነጻነት እንዝክራ ዘለና።

ብሓጺሩ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ነጻነትና ከም ህዝብን ሃገርን ናብ ኣዝዩ ከቢድን ተኣፋፍን ኩነታት ተሳጢሕና፡ ናይ ውድቀትን ምብትታንን ሓደጋ እናንጸላለወና ብሓደ ገጽ፡ በቲ ካልእ ገጽ ድማ ካብዚ ኩሉ መዳያዊ ጭቆናን፡ ሽግራትን ንምልቓቕ ክንብል መሪር ቃልሲ እናኣካየድናን ከቢድ መስዋኣቲ እናከፈልናን ኢና መዓልቲ ነጻነትና እንዝክራ ዘለና።

ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ብምድሓን፡ ንዘሳቕዩና ዘለዉ ጭቆናታት፡ ጸገማትን ሓደጋታትን ንምውጋድ፡ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላትና ንምርግጋጽን፣ናብ ዝተማለኤ ሰላም፡ ደሞክራስን ልምዓትን ንምስግጋር ዓሊምና፡ እነካይዶ ዘለና መሪር ቃልስን እንኸፍሎ ዘለና ከቢድ መስዋእትን ህያውን ከቢድን እኳ እንተኾነ፡ ኩሉ ውጹዕ ህዝብታትና ከከም ኣከናውንኡን ማሕበራዊ ክፍልታቱን ተወዲቡ፡ ተወሃሂዱን ተደጋጊፉን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ ክቃለስ ይበቅዕ ስለ ዘየሎ፡ ህዝባዊ ቃልስና ዘገምታውን ዘየድማዕን ክኸውን ካብ ምኽኣን ሓሊፉ ኣዕናዊ ስርዓት ህግደፍ ዕድመ ክልቅምን ኣዕናዊ ኩሉ መዳያዊ ተግባራቱ ክቕጽልን፡ ናይ ህዝብታትና ወጽዓ ክሽብድን ዝገብር ዘሎ ተርእዮ እዩ። በቲ ካልእ ሸነኽ ድማ፣ ወጽዓን ሕሰምን ናይ ህዝብታትና ዝፈጠሮም ተቓወምቲ ሓይልታትና ብሓፈሻ፡ ታሪኽ ዘሰከሞም ህዝባውን ሃገራውን ሓላፍነት ኣብ ምፍጻም ብከምቲ ካብኣቶም ዝጥለብ ኣበርክቱ ይበቕዑ ብዘይምህላዎም፡ ማለት ጉዕዞኦም ዘገምታዊ፡ ሕድሕድ ዝምድነኦም፡ ምትእምማንን ምድግጋፍን ዝጐደሎ፡ ናይ ቃልሲ ኣበርክተኦም ውሱንን ዘየድማዕን ስለ ዝኾነን፡ ተደሚሮም ናይ ህዝብታትና ወጽዓን ጸገማትን ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከይፍታሕ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣሉታዊ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ፡ ናይ ህዝባዊ ቃልስና ድኹማት ጐኒ እዮም።

*ስለ ዝኾነ ካብ ኩሉ-መዳያዊ ወጽዓታትን ጸገማትን ኣሰከፍቲ ሓደጋታትን መሊእና ክንላቐቕን፡ ናብ ርሁው ፖለቲካዊ ሃዋህው ብምስግጋር ናይ ኩሉ-መዳያዊ ሓርነታት መሰልን፡ ሰላምን ደሞክራስን ልምዓትን ተጠቀምቲ ክንከውን ንክንበቅዕ፡ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ክፍልታት ካኣ ብፍላይ፡ ኣብ ጽላል ህዝባዊ ቃልስና መሊኦም ክዓስሉን ተወዲቦም ዘይስገር ናይ ቃልሲ ተረኦም ክጻወቱ ንክበቕዑ ሰፊሕን ቀጻልን ፖለቲካዊ ቃልሲ ከነካይድ ብሓደ ገጽ፣በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ኣብ መንን ተቓወምቲ ሓይልታትና ብሓፈሻ፡ ትምክሕትን ጽበትን ዝመበገሲኦም ድኽመታት፡ ጸገማትን ዕንቅፋታትን ዘይመሰረታዊ /ካላኣዊ/ ፍልልያትን ብሰላማዊ ኣገባብ ክፍትሑን ክመሓደሩን ዘኽእል ፖለቲካውን ደሞክራስያውን ቃልሲ እናኣካየድና፡ ኣብ ዘይመሰረታዊ ፍልልያት ከይተጸመድና በቲ ዘራኽበና ናይ ሓባር ዕላማታትን መደባትን ተኣማሚንናን ተደጋጊፍናን ክንቃለስ ክንበቅዕ ዝሕግዙ ዘይሕለል ቃልሲ ከነካይድ ምስ እንበቅዕ ጥራሕ እዩ።*

*ስለዝኾነ ኤርትራዊ መንእሰይ ከም ተረካቢ ህዝብን ሃገርን ተሰካዊ ሕርን መጠን፡ ኣብ ቃልሲ ታሪኻዊ ተርኡ ንክጻወት፡ እቲ ድሮ ተወዲቡ ብዝዓቕሙ ናይ ቃልሲ ተራ ዝጻወት ዘሎ ክፉል መንእሰይ፡ ወዳብኡ ኣደልዲሉ ሰፊሕ ናይ መንእሰይ ዓቕሚ ዝሓቖፈ ሃገር-ለኽ ውዳበ ክፍጠር ክቃለስ፣ እቲ ገና ዘይተወደበን ናይ ቃልሲ ኣበርክቶ ዘይጀመረን ዘሎ ዝሰፍሐ ክፉል መንእሰይ ድማ፣ናብ ስደት ምቕናዕ ግዝያዊ ጸገም ካብ ምቅላል ሓሊፉ፡ መፍትሒ መሰረታዊ ወጽዓን ጸገማትን ከም ዘይኮነ ተገንዚቡ፡ ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ተወዲቦም ንክቃለሱ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ.ግ.ሓ.ኤ/ በዛ ተሪኻዊት ዕለት ናይ ቃልሲ ጸዋዒቱ የማሓላልፍ።*

*ብተመሳሳሊ ውጹዓት ደቂ-ኣነስትዮ ኤርትራ ካብ ዝበጽሐን ዘሎ ተደራራቢ ወጽዓታት ብቃልሰን ሓራ ንክወጻን፡ ህዝብን ሃገርን ብምድሓን መሰረታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ሰፊሕ ውዳበ ናይ ደቀ-ኣነስትዮ ፈጢረን ብካልእ ዝኾነ ኣካል ዘይትካእ ናይ ቃልሲ ተራ ክጻወታ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ /ደግሓኤ/ ካብ ምጽዋዕ ሓሊፉ፡ ኣብ ኩሉ ዘካይደኦ ቃልሲ ኣብ ጐነን ጠጠው ብምባል ዓቲቡ ክቃለስ ምዃኑ ናይ ቃልሲ ቅርብነቱ ይገልጽ። ከምኡ'ውን ኤርትራውያን ምሁራት፡ ነብሶም ብግቡእ ወዲቦም ካብ ዝተበታተኽን ዘይቀጻልን ተሳትፎ ናይ ቃልሲ ድሒኖም ካብኣቶም ዝጥለብ ልዑል ናይ ቃልሲ እጃም ብምብርካት፡ ኣብ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተሳትፎኦም ከዕዝዙ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ናይ ቃልሲ ጻዊዒት የቕርብ።*

*ኣብ መደምደምታ፣ ውጹዓት ተቓለስቲ ህዝብታት ኤርትራ ሃገራዊ ነጻነትና ንመበል* 24 *ዓመት፡ ኣብ ትሕቲ ኣዝዩ ከቢድ ኩሉ-መዳዊ ጭቆናን ጸገማትን፡ ስእነትን ድኽነትን ብናይ ኣብ ስደት ዝሃልቁ ዘለዉ ደቅኹም መሪር ሓዘንን ኳንኩም ተብዕሉዋ ምህላውኩም ሓቂ እዩ። ካብዞም ወጽዓታትን ጸገማትን እዚኦም ወጺእኩም ርሁው /ውሑስ/ ሂወት ክትመርሑ እትኽእሉ ድማ፡ ነዚ ጠንቂ ናይ ኩሉ ወጽዓታትናን ጸገማትናን፡ ጸረ ህዝብን ሃገርን ዝኾነ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ብቃልሲ ብምውጋድ ስለ ዝኾነ፡ እተካየድዎ ዘለኹም ቃልሲ ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣደልዲልኩም ክትቃለሱ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ,ግ.ሓ.ኤ/ ይጽውዕ።*

*ተቓውምቲ ውድባትን ስቪካዊ-ማሕበራትን ድማ ብሓፈሻ፡ ንዘለዉና ዘይመሰረታውያን ፍልልያት ብደሞክራስያዊ ኣገባብ እናፈታሕናን እናማደርናን፡ ካብ ናይ ሕሉፋትን ህሉዋትን ድኽመታትናን ጸገማትናን ተሞክሮ እናተመሃርና፡ ልዑል ናይ ቃልሲ ተራ ክንጻወት ብምትእምማንን ምድግጋፍን ክንቃለስ እናጸወዐ፡ ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ኤርትራዊ ሃ/ዊ ባይቶ ንደ/ዊ ለውጢ ሰፊሕ ሃገራዊ ዓቕሚ ብዘሳትፍ መልክዑ ብዓወት ክሰላሰል ካብኡ ዝጥለብ ግቡኣት ከመልእ ክረባረብ ምዃኑ በዚ ኣጋጣሚ የረጋግጽ።*

*ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!!*
*ዝተማለኤ ሃገራውን ህዝባውን ነጻነት ንምርግጋጽ ንቃለስ!!*

*ደሞክራስያዊ ግንባር ሓደነት ኤርትራ፡*
*(ደ.ግ.ሓ.ኤ)*
24 *ግንቦት* 2015